ትራንስ ኢትዮጸያ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ዉልቀ ማሕበር ኣብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ናይ ማይ ጎድጎድ ኮዕቲ ስራሕቲ ነምከያድ ስለዝደለየ አብቲ ዘፈር ስራሕ ዝተዋፈሩ ትካላት ብግለፂ ጨረታ አወዳዲሩ ዉዕሊ ንምእሳር ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰንበት ሚያዝያ 5, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 24, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 24, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

1 በቲ ዓወድ ስራሕ ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘቅርብ

2 ናይ 2017 ዓም ፍቃድ ንግዲ ዘይሐደሱ ካብቲ ዉድድር ወፃኢ ይኮኑ

3 እቲ ዝቀረብ ዝተሐደሰ ዝቀርብ ፍቃድ ንግዲ ኣብ ዉሽጢ ዋና ቴክኒካል ሰነድ ጨረታ ተታሓሒዙ ከቀርብ አለዎ

4 ተጫረቲ ዘቅርብዎ ዋጋ ሻት ዝሐወሰ ወይ ድማ ዝይሐወሰ ምካኑ ብግልፂ ክቅመጥ አለዎ እዚ እንድሕር ዘይተገሊፁ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝሐወሰ ተገይሩ ይዉሰድ

5 ተጫረቲ መከበቲ ጨረታ ናይቲ ዘቅረብዎ ጠቅላላ ዋጋ 2 ሚእታዊ ብስም ትራንስ ኢትዮጸያ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ዉልቀ ማሕበር ዝተዳለወ ስፒኦ ከትሕዙ አለዎም

6 ጠቅላላ ዋጋ ማለት ተወሳከ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ምካኑ ክፍልጡ አለዎም

7 እቲ ዝቀርብ ስፒኦ ንበይኑ ተዓሺጉ ክቀርብ አለዎ ስፒኦ ዘይቀረብ ማለት ድማ በቲ ዝተጠቀሰ መጠን ዘየትሓዘ ተጫራቲ ካብ ዉድድር ወፃኢ ይግበር

8 ተጫራቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ሰነድ ጨረታ ኣብ ዳይሬክቶሪት ዕደጋን ምትእስሳር መቅረብትን ዘይምለስ 200 ቅርሺ ብምክፋል ክወስ ይግባእ

9 ተጫረቲ ዋጋ እንትመልኡ እቲ ትካል ኣብ ዝሃቦም ሰነድ ጨረታ ጥራሕ ክመልኡ አለዎም

10 ተጫረቲ ዋጋ እንትመልኡ ስርዝ ድልዝ ክህልዉ የብሉን ስርዝ ድልዝ እንተሃለዩ ካብቲ ጨረታ ይስረዙ

11 ኣብ ሞንጎ ጠቅላላ ዋጋን ነፀላ ዋጋን አፈላላይ እንተሃለዩ እቲ ነፀላ ዋጋ ትክክለኛ ተገይሩ ዝዉሰድ ምካኑ ተጫረቲ ክፈልጡ አለዎም

12 ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ቴክኒካል ሰነድ ጨረታ መጀመሪያ ከምዝክፈትን ብቴክኒካል መዓቀኒ ዘይሐለፈ ተጫረቲ ናብ ፋይናንሻል ዘይሐልፍ ምካኑ ተጫረቲ ክፈልጡ አለዎም
13 ሰነድ ጨረታ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክሳብ 24/8/2017 ዓም ንጉሆ ሰዓት 330 ኣብ ዳይሬክቶሪት ዕደጋን ምትእስሳር መቅረብትን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ቴክኒካልን ፋይንሻልን ፕሮፖዛል ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ኣብ ፖስታ ብምዕሻግ ከቅርቡ አለዎም

14 እቲ ሳንዱቅ ጨረታ 24/8/2017 ዓም ንጉሆ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ዳይሬክቶሪት ዕደጋን ምትእስሳር መቅረብትን ይከፈት

15 እቲ ሰነድ ጨረታ በቲ አብ ምልክታ ዝተጠቀሰ ዝቀረበ እንተኮይኑ ተጫረቲ ኣብዘይተረከብሉ እዉን ይክፈት

16 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝተቀመጡ ነጥብታት ብኣግባቡ ተረዲኦም ሰነድ ጨረታ ክመልኡ አለዎም

17 እቲ ትካል ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0344416439 / 0914007732

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle